# ውድባት ፋውሪካታት ኣይካናን

ውድባት ድሕነት ህዝብን ሃገርን ልዕሊ ኹሉ ሰሪዔን ማዕረቲ ብወጽዓ ህዝብን ብ'ኣረምናዊ ተግባራት ህግደፍ ዝትንትኖኦን ዝገልጸኦን ብግብሪ ዝተሓወሶ ናይ ስምረታዊ ራኢ ከምዚ ናይ ሰለስተ ውድባት ዝውንነኦ ዝነበራ ኣስማት ውድባተን የሕቂቐን ብሓደ ሰሚረን ሓደ ጡሙርን ሱሙርን ሽም ግምባር ሃገራዊ ድሕነት (ግ.ሃ.ድ.ኤ.) ተባሂለን ንህዝቢ ዘበሰራ ህዝቢ ኤርትራ ተማሳሰሊ ራኢ ክሪእን ክሰምዕን ብሃንቀውታ ይጽበሎ።

ካብዚ ሓሊፉ ተሪፉ ጉዳይ ህዝብን ሃገርን ወዚፍካ ንውድብካ ጥራሕ ምቅላስ ንድሕነት ሃገርን ህዝብን ከምዘይ ኮነ ህዝብና ብንቕሓት እዕዘብን እምልከትን ስለ ዘሎ ነቶም ሃገራዊ መልክዕን ሃገራዊ ፕሮግራም መደብ ዕዮ ተማሳሰሊ ዘለኩም ውድባት ኣብ ሓደ ዘይ ትመጽኡሉ ምኽንያት ህዝብና ኣብ ርእሴኹም ዘለዎ ኣራኣእያን ስክፍታን ብዳርን ግምባርን ብቓልዕን ናይ ስልጣን ጥራሕ እዩ ፍልልዮም እብለኩም ኣሎ።

እተን በበይኑ ኣስማተን ሓደ ፕሮግራማተን ሃገራዊ መልክዕ ዘለወን ውድባት በቲ ወለላ ማዓር ዝጥዕም ቃላተን ኣብ ም'ኣዲ ኣኼበኤን ክቕርብ'ኦ ኸለዋ ከምቲ ወለላ ምዓር ብልዓዮ ዝመጽ'ኣካ ብናይ ህዝቢ ሓልዮት ብሓሳብ ክገልጹልካ ከለው ጽን ኢልካ ክትሰምዖም ዩምሱጡኻ ብተግባር ግን ካብ ንፈልጦም ኣትሒዝና ክሳብ ሕጂ ዋላ ሓንቲ ራኢ ኣይ ራ'ኣናን። እቲ ኣጸጋምን ዓንቃፍን ኮዩኑ ጎሊሑ ዝረኤ ዘሎ ህዝብውን ዝዛረበሉ ዘሎ ግዳይ ስልጣንዩ ኣብዚ ብጉዳይ ስልጣን ኣልዒልና ክንዛረብ እንተኼና ስልጣን ብክልተ ቁሩቁስዩ ጸወታ ከም ዘሎዎ ህዝብና ብዓንተዉዉ ዘጥረዮ ብሃፍታም ተመኩሩኡ እዩ ዝመዝኖን ዝሪኦን።

1. እቲ ሓደ ኣካል ንስልጣን ዝቃለሰሉ ምክንያት ንእሱ ዝ'ኣምነሉ መትከልን ዕላማን ሃገራዊ ፕሮግራም ንኸዕውት ናይ ተሰማዕነትን ተቐባልነትን ባይታ ክህልዎ ንዝላዓለ ስልጣን ክሕዝ ዝድለየሉ ስልጣንዩ።

2. እቲ ሓደ ኣካል ስልጣን ዝደልዮ ድማ ላዕልን ታሕትን ከይበልና ጉዳይ ሃገርን ህዝብን ዘይ ዋኒኑ ገይሩ ንሓሶት ሓቂ እና ኣምሰለ ንብሕታዊ ጠቕሚ ንህዝቢ ካብ ሰሙን ናብ ሰሙን ካብ ወርሒ ናብ ወርሒ ካብ ዓማት ናብ ዓመት ንህዝቢ እና ኣታለለ ኣብ ስልጣን ንበይኑ ክነብር ዝደሊ ከምዚ ኣብ ሃገርና ኤርትራ ንሪኦ ዘለና ብቕዕ መረዳእታ ናይዚ  ዲክታይተር ንሃገር ኣብ ዋጋ ዕዳጋ የእትዩ ንህዝቢ የህሊቑን ኣካላቢቱን ንረብሓ ውልቅ'ኡን መጋበርያታቱን ገይሩ ናይ ስልጣን ምርካብን ምቅብባልን ዘይ ኣምን ኣነየ ንጉስ ዝብል ዑሉል ተበላጺ ጥራሕ ዘይኮነስ ገበነኛ እውን እዩ ንብል።

ኣንቱም ውድባት ኢና እትብሉ ብፍላይ ክኣ ተዳማሚርኩም ብዓቐን ካብ 20 (ዕስራ) ዘይ ትበዝሖ ንነብሱኹም ኣታሊልኩም ንህዝቢ ኣይተታሉሉ ከም ውድባት ውድብ ዘማሎኦ ኣማሉኡ ዓቅምን ክእለትን እንተዘይ የብልኩም ኣብ ውድባት መሪጽኩም ተጸንበሩ ውድባት ኢና እናበልኩም መቑምጽርቲ ውድባት ኴንኩም ሞራል ህዝቢ ምትንካፍ ብሃቂ ትርጉም ኣለዎ ትርጉሙ ክ'ኣ ብገበን እዩ ክትንተን።ንስልጣን ብኹሊቱ ፎግፊካ ኣይርከብን ናብ ስል ጣን ዘብጽሕ ኣስካላታት መዳያይቦ ኣለዎ ኢልና ካብ ምሕባር ኣይንቑጠብን ንብል።

***ንስልጣን ክብጻሕ እንተ ተደልዩ እንባዓር ቁድመ ክነት ነዚ ዝስዕብ ረቛሒ ኣስካላታት ኣማሉኡ ንብል።***

- ምስ ይሕሸና ትብሉዎ ውድብ ተሰሩው
- ከም ክሎም መሰረታት ድማ ጉቡእኩም ተማሉኡ
- ብቅዓትኩም ናብ ዝተሰራዕክምሉ ውድብ ናብ መሰረታት ኣላልዩ
- ከም ኣድላይነት ብቕዓትኩምን እምነትኩምን ብውክልና መሰረታት ንጉባኤ ትሳተፉ
- ኣብ ግባኤ ድማ ንመሪሕነት ክትሓጽዩን ክትሕጸዩን መሰል ይህሉወኩም
- ኣብ ግባኤ ናይ ኣራኣእያ ፍልልይ ኣንተልዩ ብመስርሕ ዲሞክራሲ ብድምጺ ትቕየዱ

ካብዚ ሓሊፉ ተሪፉ ናብ ስልጣን ትሰግረላ ቢንቶ የላን ንብል ገለ ገለ ምኽኑይ ናይ ውድባት ጉድለታት ኣሎ ንዑኡ ኣይ ንሳማማዓሉን ንዝብል ሓሳብ ኣምጺእኻ ኣብ ውሽጢ ኈንካ ኣብ ክንዲ ትእርምን ተዔርን ተነጺልካ ነየናይ ራህዋን ሰላምን ኢና ከነምጽእ ዝብል ብልጭ'ኡ ኣየናይ'ዩ!!!! **ናብተን ዓበይቲ ውድባት** ንመለስ 2006 ምስቲ ዘኝነፈን ጸገማት ጉባኤታተን ብግብእ ብዓወት ብምስልሳለን ዓቢ ዓወትዩ። ብፍላይ ክ'ኣ እተን ሰለስተ ውድባት ብሓድነተን ንህዝቢ ናይ ተስፋ መገዲ ዝከፍታ 2006 ኑኡድ መገዲ ተቓውሞ መርሆኣ ከፊታ ንብል 2007 ከ ንህዝብና እንታይ ዓይነት ናይ ተስፋ ራኢ ክንቅርብ ተዳሊና ኣሎና ኣዚ ሕቶ ዚ ንናይ ኩለን መራሕቲ ውድባዩ መራሕቲ ግ.ሃ.ድ.ኤ. መሪሕ ጊደኹም ምስ ካሎኦት ውድባት ዳግማይ ብስራት ህዝቢ እምነቱ ኣምቢልኩም ስለ ዘሎ ብዓቢ ተስፋን ቆላሕታን ይጽበየኩም ኣሎ ንብል።

ካብ ፈግፊትም ናብ ስልጣን ዝመጹ የድሕነና
ንመጻኢ ክምዚ ናይ ሕጂ ከይትኸውን ሃገርና
ናይ ስዉኣትዕላማ ክዕወት ነደልድል ዕትቅና

ብ ገብሪሂይወት (ኣብዓሸራ)